ወለንታዊ ምብጋስ :

ሓደጋታት, ረብሓታትን, ኣብ 2025 ዝተለወጠን

ብወለንታ ምብጋስ (Voluntary Departure) i **ሕጋዊ ምርጫ** ኮይኑ: ሰነድ ንዘይብሎም ሰደተኛታት ኣብ ክንዲ ብስብ መዚ ኢሚግሬሽን ዝስጎጉ **ብገዛእ ፍቓደም ካብ ኣመሪካ ንኽወጹ** ፍቓድ ዝህብ እዩ። ነዚ ምርጫ ትሓስቡሉ እንተሃሊኹም ብመጀመርያ እንታይ ማለት ምኳኑን እንታይ ጸገማት ይህልዎን ብኽመይ ንዕዑ ትሓቱን ክትርድኡን ኣለኩም።

ኣብ ንሃሰ 2025 ተሓዲሱ

ወለንታዊ ምብጋስ እንታይ እዩ?

ወለንታዊ ምብጋስ ማለት (Voluntary departure) **ብዳኛ ካብ ኣመሪካ ክትወጽእ ከይተኣዘዝካ ብድሌትካ ንኽትወጽእ ምምራጽ ማለት እዩ።**



ዒይነታት ወለንታዊ ምብጋስ (Voluntary Departure):

1. ቅድመ- መደምደምታ (PRE – conclusion):

ኣብ ናይ ኢሚግሬሽን ጉዳያትኩም **ናይ መወዳእታ ውሳኔ ቅድሚ ምርካብኩም** ንወለንታ ምብጋስ ምስትሓቱ።

ፍቓድ ምርካብ **ዝቐለለ እዩ**።.

2. ድሕረ- መደምደምታ (POST-conclusion):

ኣብ መወዳእታ ናይ ኢሚግሬሽን ጉዳይኩም ንወለንታዊ ምብጋስ ምስ ትሓቱ፤ እዚ መብዛሕቲኡ ግዜ እቲ ዳኛ ድሮ ኣብ ኣመሪካ ንኽትጸንሑ ንኽይፍቀደልኩም ወሲኑን ክትእለዩ (ክትሰጎጉ) ኣዚዙን ማለት እዩ።

ፍቓድ ምርካብ **ዝያዳ ኣሸጋሪ ይኸውን።**

ኣብ ክልቲኡ ጉዳያት ኣብ እዋን መጋባእያ ናይ ጉዳይኩም ብቕጥታ ካብቲ ዳኛ ነዚ ክትሓቱ ኣለኩም። ወለንታዊ ምብጋስ ክፍቀደልኩም :

- ብዘይ ናይ ኢሚግሬሽን ስነዳት ኣብ ኣመሪካ (ንኽትህሉ ምስ ዝፍቀደልኩምን)ምጽናሕኩም እመኑ
- ዝኾነ ናይ ኢሚግሬሽን ጥቅሚ ወይ ረብሓታት ንምርካብ ዘቅረብኹምዎ መመልከቲ ክትሰሕቡዎ (ዘቕረበ እንተ ሃልዩ)

ሰለምንታይ እየ ንወለንታዊ ምብጋስ ክሓትት ዘድልየኒ?

ወለንታዊ ምብጋስ እንተ ተፈቂዱ (voluntary departure) **ናይ ምስጓግ ትእዛዝ ኣብ መዝገብኩም ንኽይረአ ክኽልክል ይኽእል እዩ።** ኣብ መጸኢ እዚ **ናይ ኢሚግሬሽን ረብሓታት ንምርካብ ንክተመልክቱ ዝቕለለ** ክገብሮ ይኽእል እዩ፤ ከም ሕቶ ቪዛ ንመጸኢ።

እንተኾነ ግን ወለንታዊ ምብጋስ **ንመጸኢ ናይ ኢሚግሬሽን ጉዳይኩም ከቢድ ኣሉታዊ ሳዕቤን** ክህልዎ እውን ይኽእል እዩ። ገለ ካብቲ ሓደጋታት ንምርዳእ ምንባብ ቀጽሉ።

እንታይ እዮም እቶም ሓደጋታት?

1. ንልዕሊ ሓደ ዓመት ኣብ ኣመሪካ ብዘይ ወረቐት እንተጸኒሕኩም ብወለንታኹም ምውጻእ **ን 10-ዓመት ዝጸንሕ እገዳ ምምላስ ናብ ኣመሪካ ከሰዕብ ይኽእል እዩ። መተሓሳስቢ:** እዚ ንትሕቲ ዕድመ ዝምልከት ኣይኮነን። ቅድሚ 18 ዓመት ዕድመ ምምላእኩም ካብ ኣመሪካ እንተወጺኹም ከም ዘይሕጋዊ ህላው ኣይውሰደልኩምን እዩ።

2. **ዕቑባ** ወይ ካልእ ሕጋዊ ሓለዋ ንምሕታት ዘለኩም ዕድል ክትገድፍዎ ክትግደዱ ትኽእሉ ኢኹም።

3. ኣብ ዝበዝሑ ጉዳያት ነቲ ናብ መቦቆል ሃገርኩም መምለሲ ክትከፍሉ ከድልየኩም እዩ.



4.ኣብ እዋኑ እንተዘይወጺኹም **ክሳብ $998 ንመዓልቲ ዝበጽሕ መቕጸዕቲ ከጥመኩምን ተመሊሰኩም ናብ ኣመሪካ ንኽይትኣትዉ ክኽልክለኩም ዝኽእል እዩ።**

ርእሰ-ምስጓግ ብመንጽር ወለንታዊ ምብጋስ SELF-DEPORTATION VS. VOLUNTARY DEPARTURE?

ተጠንቀቑ! እዞም ክልተ ቃላት ተመሳሳሊ እኳ እንተምስሉ **ሓደ ዓይነት ነገር ኣይኮኑን:**

ርእሰ ምስጓግ (Self-deportation) ሓደ **ዘይወግዓዊ ቃል** እዩ። ብመሰረቱ **ካብ ዳኛ ፍቓድ ከይረኽብካ ባዕልኻ ካብ ኣመሪካ ምውጻእ ማለት እዩ።** ርእሰ-ምስጓግ (Self-deportation) ልክዕ ከም ብወለንታ ምብጋስ ብዙሕ ሓደ ዓይነት ሓደጋታት ክህልዎ ይኽእል እዩ። ኣብ ርእሲ እዞም ሓደጋታት ኣብ መዛግብኩም ናይ ምእላይ (ሪሙቫል a removal) ትእዛዝ ናይ ምስፋር ትኽእሎ ክህሉ ድማ ይኽእል እዩ።

VS

ወለንታዊ ምብጋስ (Voluntary Departure) ብናይ ኢሚግሬሽን ዳኛ ዝፍቀድ ሰሩዕ ሕጋዊ መሰርሕ ሰለ ዝኾነ : ዝተወሰኑ ቅጥዕታት ክተማልኡን ኣብ ዝተመደበ ግዜ ክትወጹን ከምዘለኩም፤ ሕጊ እንተድኣ ተኽቲልኩም ኣብ መዝገብኩም ናይ ምስጓግ ትእዛዝ ከም ተርሕቐ ዘክሩ።

ኣብ 2025 እንታይ ሓድሽ ኣሎ?

ኣብ ግንቦት 5, 2025, ፕረዚደንት ትራምፕ ብመንገዲ **ናይ ሲቢፒ(CBP) ሆም ኣፕ (CBP Home App) ሓድሽ መተግበሪ ናይ ባዕልኻ ምስጓግ (self-deportation) ፕሮግራም ኣዊጁ ኣሎ።** እቶም ብዘይ ሰነዳት ኣብ ኣመሪካ ዘለዉ ሰደተኛታት ነዛ ናይ ሲቢፒ ሆም ኣፕ (CBP Home App) መተግበሪ ተጠቒሞም ‘ናይ ክትብገስ ሓሳብ(Intent to Depart’)’ ፎርም መሊኦም ከቕርቡ ይኽእሉ እዮም።

መጠንቐቕታ! እዚ ፕሮግራም እዚ ነቶም ባዕሎም ክሰጎጉ ዝደልዩ (ባዕሎም ካብዚ ሃገር ክወጹ) **ናይ** $1000 ዓሰቢ ከም ዝህብ፡ ኣብ ወጻኢታት መገሻታት ከም ዝሕግዝን፡ ኣብ ምትግባር ስጉምትታት (ከም ቀይዲ) ደው ከምዘብል **ይገልጽ**። ይኹን እምበር እቲ $1000 ከም ዝርከብን ወይ እቲ ምብጋስ(ንቕሎ) ብሰብኣዊነትን ውሑሱን ኣገባብ ከም ዝተሓዝ ዝገልጽ **ሕጋዊ ውሕስነት ይለን**።

ኣገዳሲ መተሓሳስቢ: ዋላ’ኳ ‘ወለንታዊ ምብጋስ (voluntary departure) ’ዝብል ቃል ሰሚዕኩም ትፈልጡ እንተኾንኩም **እዚ ሓደ ካብ ዓይነታት ፕሮግራም ርእሰ ምስጓግ እዩ (self-deportation)** ምስቲ ብልሙድ ብዳኛ ኢሚግሬሽን ዝፍቀድ ዝነበረ ወለንታዊ ምብጋስ **ሓደ ዓይነት ኣይኮነን**።

እዚ መሰርሕ **ሕጋዊ ናይ ኢሚግሬሽን ጥቕምታት ዘይህብን** ንመጸኢ እውን **ናብ ኣመሪካ ናይ ምምላስ ተኽእሎኹም ዘይከላኸልን እዩ**።

እንታይ ክገብር ኣለኒ?

ብዛዕባ ወለንታዊ ምብጋስ ወይ ንብስ ምስጓግ ዝኾነ ውሳኔ ቅድሚ ምውሳድኩም **ንናይ ኢሚግሬሽን ጠበቓ ኣምኽሩ**። እቲ ጠበቓ ንመሰላትኩምን ነብስ ምስጓግ ብኽመይ ነቲ ናይ ኢሚግሬሽን ጉዳይኩም ይጸልዎ ንኽትርድኡ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ፥

- **ኣስተውዕሉ:** ብቐዳምነት ንጠበቓ ከይተዛረብኩም ዝኾነ ነገር ከይትፍርሙ።
- Know your rights! መሰላትኩም ፍለጡ! ሰቕ ክትብሉን ናይ ሕጊ ምኽሪ ክትረኽቡን መሰል ከም ዘለኩም ዘክሩ።